# መትከላትን ክብርታትን መስከረም



ብዶ/ር ኣሕመድ ሓሰን ድሕሊ

ባሕቲ መስከረም ኣብ ከምዚ ዕለትን ወርሒን ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን ዝነብር ህዝቢ ኤርትራ ምጅማር ዕጥቃዊ ቃልሲ ኣብ ባሕቲ መስከረም 1961 ብመሪሕነት ስዉእ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ብድምቀት'ዩ ዘኽብሮ። እታ ናብ ደምሳሲ እሳተ ጐመራ ዝተሰጋገረት ቊልዒ ዕጥቃዊ ቃልሲ፣ ከም ሓያል ማዕበል ናብ ጉዑዞ ናጽነትን ሓርነትን ብምግስጋስ፣ በቲ ካብ 1941 ክሳብ 1991 ንሓሙሽተ ዕቊዳት ዝቀጸለ ፍሉይ ጅግንነታዊ ቃልሲ፣ ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተጻዕነ ወጽዓን ጸልማት መዋእልን ቀንጢጣቶ። ህዝቢ ኤርትራ ኸኣ ኣስታት 100 ሽሕ ካብ ብሉጻት ደቁ መባእ ናጽነትን ሓርነትን ብምኽፋል ድሙቕን ክቡርን ታሪኽ ሰሪሑ።

ህዝቢ ኤርትራ ምጅማር ዕጥቃዊ ሰውራ ከኽብር ከሎ፣ በቲ ኣብ መስርሕ ፖለቲካዊ ቃልሲ፣ ዕጥቃዊ ቃልሲ፣ ኩናት ምክልኻል ሉኣላውነትን ኣብ መስርሕ ሃገራዊ ዳግመ ህንጻን ኣብ መንፈስን ኣእምሮን ተኸታተልቲ ወለዶታት ኤርትራ ዝሰረጸ መትከላትን ክብርታትን ተማእዚዙ ከም ዝቅጽል ቃሉ ዘሓድሰሉ ኣጋጣሚ እዩ። እዚ መትከላትን ክብርታትን'ዚ ኸኣ፦

1- ሃገርን ህዝብን ንምግልጋል ብስኒትን ነፍሰ ምናነን ምስራሕ።

2- ንምእንቲ ልዕልነትን ክብርን ሃገርን ምዕቃብ ሉኣላውነትን ብኹሉ እትውንኖ ሂወትን ንዋይን ምውፋይ።

3- ሃገራዊ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ምድልዳልን ምሕያልን።

4- ሃገራዊ ሉኣላውነት ኤርትራ ምሕላውን ብዝኾነ ይኹን መገዲ ከም ዘይግሃስ ምግባርን።

5- ኣብ ደሞክራሲን ማሕበራዊ ፍትሒን ዝተሰረተት ዘመናዊት ሃገር ምህናጽ።

1 **መስከረም** 2019

---